# ትምህርቲ
# ምድሓን

# 1ይ ክትትል

# ብክርስቶስ ዝርከብ ሓድሽ ህይወት

## መእተዊ

ናብዚ ቀዳማይ ክፋል ትምህርቲ እንቋዕ ብድሓን መጻኻ። ኣብዚ ትምህርቲ ብየሱስ ክርስቶስ ንዝርከብ ሓድሽ ህይወት፣ ኣብዚ ህይወት ውሽጢ ንዝርከብ በረኸትን ስለ ርግጸኛ ምድሓን ክትምሃር ኢኻ።

ብክርስቶስ ዝርከብ ሓድሽ ህይወት

ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ናብ ህይወትካ ንኽመጽእ ብእምነት ካብ ዝዓደምካሉ ግዜ ጀሚሩ ከምቲ ኣብ ቃሉ ዝሃቦ ተስፋ ናብ ህይወትካ መጺኡ እዩ።

ራእ 3.20 ኣንብብ

ሕጂ ብዘንበብካዮ ቃል መሰረት

- “ደገ” ዝብል ቃል እንታይ ይገልጽ? ______________________
- በዚ ቕሲ መሰረት ናትካ ግደ እንታይ እዩ? ______________________
- ናይ ጐይታ የሱስ ግደኸ? ______________________
- ንየሱስ ክርስቶስ ናብ ህይወትካ ዝዓደምካዮ ብመሰረት እዚ ቃል እዩ? ______________________
- ከምኡ እንተ ኾይኑ ህይወትካ ብዝምልከት የሱስ ክርስቶስ ሕጂ ኣበይ ኣሎ? ______________________

## መረጋገጺ ድሕነት

ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ዝተቀበለ ሰብ ምስ ኣምላኽ ትክክል ዝኾነ ሕብረት ክህልዎ ከም ዝኽእል ከረጋግጽ ይኽእል እዩ፣ ከረጋግጽውን ኣለዎ። ነዚ እንተዘየረጋገጹ ተጠራጣሪ ክኸውን እዩ፣ ነቲ ብድሕነት ዝርከብ ናብ ሓቅን ሓጐስን ሰላምን ንህይወቱውን ትርጉም ክረክብ ኣይክእልን።

ሕጂ ክርስቶስ ኣብ ህይወትካ ስለ ዝመጸ ምስ ኣምላኽ ሓድሽ ናብራ ጀሚርካ ኢኻ ማለት እዩ። በቲ ናይ ሓቂ መገድኻውን ክትጉዓዝ ጀሚርካ ኢኻ። ነዚ ሓድሽ ህይወት ክትረክብ ወይ ከኣ ክርስትያን ክትከውን ዝኽኣልካሉ ምኽንያት ብሰናይ ግብርታት ዝተመልአ ናብራ ምንባር ወይ ከኣ ካብ ክርስትያን ቤተሰብ ስለ ዝተወለድካ ኣይኮነን። ክርስትያን ዝኾንካሉ ምኽንያት የሱስ ናብ ህይወትካ ስለ ዝመጸ ጥራይ እዩ።

ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወትካ ስለ ዝኣተወ ሓድሽ ህይወት ወይ ከኣ ናይ ዘልኣለም ህይወት ረኺብካ ኢኻ። 1ዮሃ 5.11-13 ነዚ ክፍሊ ኣንብቦ፣ ብመሰረት እዚ ቃል፣-

- ናይ ዘልኣለም ህይወት ብኸመይ ይርከብ? (1ዮሃ 5.11) ______________________
- ክርስቶስ ኣብ ህይወቱ ዘለዎ ሰብ እንታይ ኣለዎ? (1ዮሃ 5.12) ______________________

- ንስኻኸ ናይ ዘልኣለም ህይወት ከም ዘሎካ ብምንታይ ትፈልጥ? ____________________

____________________________________________

- ብኸመይ ትፈልጥ? ____________________________________________

- ዮሃ 10.27-29 ኣንብብ። ካብ ኢድ ጐይታ የሱስ መን ክምንዝዓካ ይኽእል? ________

____________________________________________

- ሮሜ 8.35, 8.38-39 ኣንብብ። ካብ ፍቅሪ ጐይታ የሱስ መን ወይ እንታይ ክፈልየኒ ይኽእል? ____________________________________________

## በረኸት ሓድሽ ህይወት

ክርስትያን ማለት ክርስቶስ ኣብ ውሽጢ ህይወቱ ዝነብር ሰብ ማለት እዩ። ቃል ኣምላኽ ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወትካ ምስ ተቐበልካ ሽዑ ኣብ ህይወትካ ብዙሕ ነገራት ከም እተፈጸሙ ወይ ከኣ ብዙሕ ነገራት ከም ዝረኸብካ ይዛረብ። ካብ ማእከል እዚኣቶም ገሊኦም፣-

1. **ድሕነትን ስርየት ሓጢኣትን**

   ድሕነት ሰባት ስርየት ሓጢኣት ካብ እግዚኣብሄር ብምቕባል እምነቶም ኣብ ጐይታየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝገበርሉ ግዜ ብናይ ዝቕበልዎ ውህበት ኣምላኽ እዩ።

   - ኤፌ 2.8-9 ኣንብብ። ድሕነት ሰብ ስለ ዝገበሮ ግብሪ ዝረኸቦ ዋጋ ድዩ? __________

     ____________________________________________

   - ብመሰረት እዚ ጥቕሲ ድሕነት ብኸመይ እዩ ዝርከብ? ____________________

     ____________________________________________

   - ስርየት ሓጢኣት ረኺብካ ዲኻ? (ቆሎ 1.1314, ብተወሳኺ ቲቶ 3.4-5ኣንብብ) ______

     ____________________________________________

   - እብ 13.5 ኣንብብ። የሱስ ክርስቶስ ሓንሳእ ናብ ህይወት ምስ መጸ ዝገድፈካ ይመስለካ? ____________________________________________

   - የሱስ ክርስቶስ ስለዘይገድፈካ ናብ ህይወትካ ክንደይ ግዜ ክትዕድሞ ኣሎካ? ________

     ____________________________________________

2. **ሓድሽ ፍጥረት ምዃንካ**

   ሓድሽ ፍጥረት ምዃንካ ማለት የሱስ ክርስቶስ ዝርከብ ለውጢ ህይወት እዩ።

   - 2ቈረ 5.17 ኣንብብ። ብመሰረት እዚ ጥቕሲ ሕጂ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወትካ ስለዘሎ ዝረኸብካዮ ለውጢ እንታይ እዩ? ____________________________________________

     ____________________________________________

   - ቆሎ 3.10 ኣንብብ። ንጐይታ የሱስ ምስተቀበልካዮ ዝለበስናዮ ሰብ እንታይ እዩ ይብሃል? ____________________________________________

     ______ (ብተወሳኺ ኤፌ 4.24 ኣንብብ)

3. **ሓድሽ ቤተሰብ**

   ንጐይታ የሱስ ምስ ተቀበልካ ምስ ካልኣት ንጐይታ ብምቕባል ደቂ ኣምላኽ ምስ ዝኾኑ ሰባት ሕብረት ወይ ከኣ ዝምድና መስሪትና ኢና።

   - ሮሜ 12.4-5 ኣንብብ። እዚ ክፍሊ ብክርስቶስ ከምኡ እውን ንሓድሕድና እንታይከም ዝኾንና ይዛረብ? ____________________________________________

- 1ቈረ 12.12-13 ን 27 ኣንብብ። ነፍሲ ወከፍ ናይቲ ስጋ እንታይ ኢና? ____________________________________________________

- ካልኦት ክርስትያናት እውን ውሉድ ኣምላኽ ስለዝኾኑ ምስኣቶም ዘሎካ ሕብረት ወይ ከኣ ዝምድና ከመይ እዩ? ______________________________________________

4. **ውሉድ ኣምላኽ ምዃን**

**ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ምስ ተቀበልና ውሉድ ኣምላኽ ኳንና ኢና። ርክብና ናይ ኣቦን ውሉድን ኰይኑ እዩ።**

- ዮሃ 1.12 ኣንብብ። ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ንዝተቀበልዎ ዝተዋህቦም እንታይ እዩ? ______________________________________________

- 1ዮሃ 3.1 ኣንብብ። ውሉድ ኣምላኽ ተባሂልና ዝተጸዋዕናሉ ምኽንያት ካብ ምንታይ ዝተላዕለ እዩ? ______________________________________________

- ዮሃ 3.1-8 ኣንብብ። ደቂ ወለድና ዝኾና ብስጋ ስለ ዝተወለድና እዩ። ደቂ ኣምላኽ ብኸመይ ንኸውን? ______________________________________________

- ገላ 4.6-7 ኣንብብ። እዚ ክፍሊ እንታይ ከም ዝኾና የረጋግጸልና? ______________________________________________

**መጠቃለሊ**

- ብመሰረት ናይ ሎሚ መጽናዕቲ ሕጂ ብዛዕባ ርግጸኛ ዝኾንካሉ ነገራት እንታይ እዮም? ______________________________________________
- ኣምላኽ ስለ ዝገበረልካ ነገራት ብጸሎት ከተመስግኖ ትፈቱ ዲኻ? ______________________________________________

**ንዝቕጽል መጽናዕትና ወንጌል ዮሃንስ በብመዓልቲ ኣንብብ።**

**ቅድሚ ቀጻሊ መጽናዕትና ን1 ዮሃንስ ኣንብባ።**

# 2ይ ክትትል

# ምስ ክርስቶስ ሓቀኛ ሕብረት

## መእተዊ

ህይወት ክርስትና ናይ ስነ ምግባር ወይ ከ ግብረ ገብ ወይ ናግ ግብረ ሰናይ ኣነባብራ ጥራይ ኣኰነን። ክርስትና ኣምላኽ ብክርስቶስ ኣቢሉ ንባዕሉ ንደቂ ሰባት ዝግሃደሉን ብውልቂ ምስኡ ንዝርከብ ሕብረት ዘርኢ ርክብ እዩ።

እዚ ተኸታታሊ ትምህርቲ ናይዚ ሕብረት እንታይነት ሓደ ኣማኒ ነዚ ሕብረት ከመይ ከም ዝጅምር፣ ከም ዝሕልዎን ኣብዚ ሕብረት ከመይ ከም ዝዓብን ይምህረካ እዩ።

ነዚ ሓድሽ ህይወት ምስ ክርስቶስ ከመይ ከም እትጅምር፣

ሓደ ኣምኒ ንክርስቶስ ኣብ ህይወቱ ምስ ዝዕድም ሓድሽ ሕብረት ጀሚሩ እዩ።

- 1ዮሃ 1.3 ኣንብብ። እዚ ሓድሽ ሕብረት ምስ መን ከም ዝኾነ እዩ እዚ ጥቕሲ ዝዛረብ ______________________________

ዝኾነ ክርስትያን ኣብ ህይወቱ ንዘሎ ሓጢኣት ምንዛዝ ብዝተለማመዶ መጠን ምስ ኣምላኽ ንዘለዎ ሕብረት ክሕልው ይኽእል። ብየሱስ ክርቶስ ብሕብረት ምንባር ማለትር ምሉእን ዘንጀርብብን ህይወት ንምንባር ምልማድ ማለት እዩ።

ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ብሕቲ መድሓኒኻ ጌርካ ዝተቀበልካሉ ግዜ ምስኡ ናይ ውልቂ ርክብ ወይ ከኣ ዝምድና መስሪትካ ኢኻ።

- ዮሃ 1.12ኣንብብ። እዚ ክፍሊ ንክርስቶስ ስለ ዝተቀበልካ እንታይ ከም ዝኾንካ ይዛረብ።

ሕጂ ንዕኡ ናብ ህይወትካ ክኣቱ ስለ ዝተቀበልካዮ "ክርስትያን" ተባሂልካ ምስ ስሙ ዝተተሓሓዘ ተሰሚኻ ኢኻ።

መብዛሕትኡ ግዜ ብዙሓት ክርስትያና ዝሓትዎ ሕቶ ኣሎ እዚውን፣-

"ሓጢኣት እንተዝገብር ንኣምላኽ ዘሕዝን ህይወት እንተዝህልወኒ እንታይ ይኸውን?"

ወይ ከኣ "ምስ ኣምላኽ ዘሎኒ ዝምድና ወይ ርክብ ክቕጽል ድዩ ወይስ የሱስ ንህይወተይ ክድግፋ እዩ?" ዝብል ሕቶ እዩ።

መሊስና ነዚ ሕቶ ከም ዝግባእ ንምርዳእ ካብ ማእከል ወይ ዝምድና ሕብረትን ንዘሎ ፍልልይ ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ። ርክብ ወይ ከኣ ዝምድና ሓደ ነገር ክኸውን ከሎ ሕብረት ድማ ካልእ ነገር እዩ።

## ርክብ ወይ ከኣ ዝምድና

ናይ ርክብ ወይ ከኣ ዝምድና ትርጉም ንምሓዝ ክንክእል ናይ ኣቦን ውሉድን ዝምድና ከም ኣብነት ንውሰድ። ሓደ ቈልዓ ካብ ሓደ ስድራ ቤት ምስ ተወልደ ካብ ስድራኡ ህይወት ረኺቡ እዩ ኣቦን ውሉድን ኰይኖም እዮም። እቲ ቆልዓ ካብ እብኡ መሰልን ስልጣንን ኣለዎ፣ ብስሙውን ይጽዋዕ። እዚ ቆልዓ ነብኡ ዜሕዝን ክፉእ ግብሪ ገይሩ እንተዝኹብልል ኣብኡውን እንተዝሓዝን ናይ ክልቲኦም ኣቦነትን ውልድነትን ምዝማድ ዘይምርድዳእ ብዝተፈጥረ ቁጽሪ ዝቋረጽ ኣይኰነን ቀጻሊ እዩ። ወዱ ድላዩ ዓይነት ባህርይ ይሃልዎ ምዝማዶም ከም ዘለዎ እዩ ዝቕጽል።

## ሕብረት

ሕብረት ማለት ንርክብ ወይ ዝምድናኻ ብጥዕና ምህላው ወይ ከኣ ምሓዝ ማለት እዩ። ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝርኣናዮ ኣብነት ብምኹብላል እቲ ወዲ ዝምድናኡም ክቋረጽ ኣይኽኣል እምበር ሕብረቶም ግና ብምኽንያት እቲ ወዲ ብዝገበሮ ዘይግባእ ስጉምቲ ክቋረጽ ኣለዎ።

- ሉቃ 15.11-24 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ እዚ ናይ ኣቦን ውሉድን ተቋሪጹ ነይሩ? ሕብረቶምከ? ______________________________________________

ነዚ ሕብረት ንሕና ምስ ኣምላኽ ንዘሎና ዝምድና ኣተሓሒዝና ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ንጉይታ ከም ናይ ብሀቲ መድሓኒና ጌርና ካብ ዝተቐበልናዮ ግዜ ጀሚሩ ብመንፈስ ዳግም ስለ ዝወለደና ምስ ኣምላኽ ዘሎና ናይ ኣቦን ውሉድን ርክብ ዘየቋርጽ ቀጻልን እዩ። ንሱ ኣቦና እዩ ንሕና ደቁ ኢና፣ ዝምድናና ኣይልወጥን።

ሓጢኣት ኣብ ዝገበርናሉ ኣብ ንገብረሉ ንእግዚኣብሄር ባህ ዘየብል ነገር ኣብ እንፍጽመሉ ግዜ ግና ምስኡ ዘሎና ሕብረት ይቋረጽ። ኣብ ጸልማት ከም ዝመላለስ ሰብውን ንኸውን። ስለዚ ነቲ ዝተቋረጸ ሕብረት ንምቕጻል ናብ ኣቦና ናብ ኣምላኽ ቀሪብና ሓጢኣትና ኣሚንና ተናዚዝና ብንስሓ ምሕረት ክንሓትት ኣሎና።

- 1ዮሃ 1.6-7 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ እግዚኣብሄር ብብርሃን ተመሲሉ እዩ። ብጸልማት ምምልላስ ብሓጢኣት ምምልላስ እዩ። ብጸልማት ዝመላለስ ሰም ምስ ኣምላኽ እንታይ የብሉን? ____________________________________________________________

ምስ ኣምላኽ ንዘሎና ዝምድናን ሕብረትን ኣጸቢቕና ክንርዳእ ክጥዕመና ነዞም ዝቕጽሉ ሰለስተ ከበብቲ ስእልታት ንርአ። እቲ ከቢብ ንህይወትና፣ ኣብ ዝፋን ህይወት ዝተቀመጠ ድማ ኣብ ህይወትና ውሽጢ ዋናን ዓቢን ንዝኾነ ነገር ዝውክሎ እዩም።

"ኣ" ማለት እንታይ ይውክል፣ "ተ" ናይ መስቀል ምልክት ድማ ንክርስቶስ ይውክል።

- 1ቈረ 2.14 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ ዝተጠቕሰ ሰብ እንታይ ዓይነት ሰብ እዩ? ____________________________________________________________

ፍጥረታዊ ስጋዊ ሰብ ማለት ዘይኣመነ ወይ ከኣ ክርስትያን ዘይኮነ ሰብ ማለት እዩ።

ኣብ ዙፋን ህይወት እዚ ሰብ ዝነገሰ ኣንነቱ ክኸውን ከሎ የሱስ ክርስቶስ ግና ናብ ህይወቱ ኣይኣተወን። ስለዚ መንፈሳዊ ነገር ንእኡ ዕሽነት ስለዝኾነ ኣይቕበሎን።

- እዚ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዝምድና ኣለዎዶ? ________________________________
- ምስ ኣምላኽ ሕብረት ኣለዎዶ? ________________________________
- 1ቈረ 2.15-16 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ ዝተጠቕሰ ሰብ እንታይ ዓይነት ሰብ እዩ? ____________________________________________________________

መንፈሳዊ ሰብ ማለት ዝኣመነ ክርስትያን ዝኾነ ከምኡውን ንህይወቱ ክርስቶስ ዝመርሖ ሰብ ማለት እዩ።

እዚ ዓይነት ሰብ ኣብ ዝፋን ህይወቱ ዝነገሰ ክርስቶስ ክኸውን ከሎ ኣንነቱ ድማ ንክርስቶስ ዝተገዝኤ እዩ። ክርስቶስ ዝገዝኦ ወይ ከኣ ዝቆጻጸሮ ስለዝኾነ መንፈሳዊ ሰብ እዩ።

- እዚ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዝምድና ኣለዎዶ? ________________________________
- ሕብረትከ? ________________________________
- ሕጂ ድማ 1ቈረ 3.3 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ ዝተጠቕሱ ሰባት እንታይ ዓይነት ሰባት ይብሃሉ? ________________________________

ስጋውያን ዝኾኑ ሰባት ክርስትያን ዝኾኑ ናይ ክርስቶስ ግና ዘይኰኑ ሰባት እዮም። ኣብ ውሽጢ ህይወት እዚ ሰብ ክርስቶስ ይርከብ እዩ። ነዚ ሰብ ግና  ክርስቶስ እንዳገዝኦ ወይ ከኣ እንዳተቖጻጸሮ ኣይኰነን። ነዚ ሰብ ዝገዝኦ ዘሎ ኣንነቱ እዩ።

- እዚ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዝምድና ኣለዎዶ? ____________________
- ሕብረትከ? ____________________

ኣብ ህይወት እቲ ፍጥረታዊ ክርስቶስ የለን። ኣብ ህይወት እቲ መንፈሳውን ስጋውን ግና ክርስቶስ ኣሎ። ስለዚውን ክልቲኦም ክርስትያናት እዮም። እቲ መንፈሳዊ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዝምድናን ሕብረት ኣለዎ። እቲ ስጋዊ ሰብ ግና ዝምድና ኣለዎ እምበር ሕብረት የብሉን። ስጋዊ ሰብ ማ ኣምላኽ ንዘለዎ ሕብረት ሓጢኣቱ ብምንዛዝን ንስሓ ብምእታውን ከም ብሓድሽ ክሓድሶ ይክኣል እዩ።

ንሓጢኣት ምእዛዝ ሰለስተ ነገራት የጠቓልል፣ ንሱውን ምስምማዕ፣ ምምስጋንን፣ ንስሓ ምእታውን እዮም። ምስምማዕ ማለት ኣምላኽ ሓጢኣት ከም ዝኾነ ንዝገለጸልና ነገር “እወ ትኽክል ሓጢኣት እዩ” ብምባል ምስምማዕና ምግላጽ እዩ። ምምስጋን ድማ ብምኽንያት ዕዳ ሓጢኣትና ብየሱስ ክርስቶስ ናይ መስቀል ሞት ብምማ`ት ምኽፋሉን መገዲ ዕርቂ ብምኽፋቱ ንገብሮ ነገር እዩ። ንስሓ ድማ ስጉምትናን ኣካይዳናን ካብ መስመር ጥፍኣት ንምምላስ ዘኽእል ናይ ዝንባለ ለውጢ ምውሳን ማለት እዩ። እዚ ድማ ሓጢኣት ንምግዳፍ ምውሳን እዩ።

- ምሳ 28.13 ኣንብብ። እዚ ጥቕሲ ምሕረት መን ከም ዝረክብ ይነግረና? ____________________

ክርስትያን ሓጢኣት እንተ ዝገብር ወይ ከኣ ኣቕጣጫ ህይወቱ ንምምራሕ መሪሕነት ካብ ጐይታ ብዝወሰዶ ወይ ከኣ ኣብ ላዕሊ ከም ዝረኣናዮ ኣብ ዙፋን ኣንነቱ ብዝተቐመጠ ግዜ ንሓጢኣቱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብምንዛዝ ነቲ ዝተቛረጸ ሕብረት ክቕጽል ይግብኦ እዩ።

- 1ዮሃ 1.9 ኣንብብ። በዚ ጥቕሲ መሰረት እንታይ ክንገብር ይግብኣና? ____________________
- ንሓጢኣትና ኣብ ንናዘዘሉ ግዜ እግዚኣብሄር ዝሃበና ተስፋ እንታይ እዩ? ____________________

## 3ይ ክትትል

## ሓድሽ ህይወትን መንፈስ ቅዱስን

### መእተዊ

ብመንፈስ ቅዱስ ናይ ምምላእን ናይ ምምልላስን ወይ ከኣ ትሕቲ ቁጽጽሩ ናይ ምዃን ሓቂ ዝተረድኦ ክርስትያን መዓልታዊ ዘደንቅ ልምድን ዕውት ህይወትንክርስትን ክርእዮ ይኽእል። ኣምላኽ ንዓና ደቂ ቦኣወት ክነብር ይደልየና። ንገብረሉ መገዲውን ኣዳሊውልና ኣሎ። ኣብዚ ትምህርቲ ክትትል ብዛዕባ እዚ ምስጢር ዕውት ህይወት ክንምሃር ኢና።

### ጭንቀት ወደ መዝሙርነትን ተስፋ የሱስን

ደቀ መዝሙር የሱስ ምስ የሱስ ልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ድሕሪ ምጽንሖም ኣብ መወዳእታ ቃል ተዛሪብዎም። ከሰንብዶም ዘይኰነስ ከይርበሹ ቃል ምትብባዕ ተዛሪብዎም።

- በዚ ግዜ ንነብስኻ ኣብ ቦታ እዞም ወደ መዝሙርት እንተ ተኣቴ እንታይ ይስምዓካ? _
  ________________________________________

የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝነገሮም ካልእ ቃል ምጽንናዕውን ኔይሩ። ንሱውን ንእኡ ምስኦም ዝኸውን ካልእ መጸናንዒ ከም ዝሰደሎም ነይሩ።

- ዮሃ 14.15-27 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ ኣቦ ንመን ከም ዝሰደሎም እዩ ዝዛረብ? ______
  ________________________________________

- ብተወሳኺ ኣብ ዮሃ 16.5-15 ንዘሎ ክፍሊ ኣንብብ።

ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተዋህቡና ጥቅስታት ዝተነግረና ሓቂ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጦም ከም ዝነብርን ካብኡ ሓሊፉውን ንዘልኣለም ኣብ ውሽጦም ከም ዝኸውን ዝገለጸ እዩ። እዚ ብምዃኑ ጕይታ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ህይወት ክርስትና ክነብሩን ይኹን ንሱ ዝጀመሮ ተልእኾ ወንጌል ክፍጽሙ ኣብ ዘይክእልሉ ኩነታት ኣብ ዝፍጠረልሉ ግዜ ብዘይ ረዲኤት ኣይገደፎምን። ብኣንጻሩ ግና ህይወትን ባህርይን ክርስቶስ ከምኡውን ንስልጣኑ ኣብ ነብሲ ወከፍ ንየሱስ ክርስቶስ ዝተቐበለ ኣማኒ ኣቢሉ ብመገዲ መንፈስ ቅዱስ ክግለጽ ይፈትው።

ሎሚውን እዚ ሓቂ ተስፋ ክርስቶስ ከም ዘለዎ እዩ። ሎሚውን ህልውናን ስራሕን መንፈስ ቅዱስ ከምቲ ዘመን እዩ። ዝኾነ ክርስትያን ብናቱ ሓይሊ ህይወት ዕውት ክርስትና ክነብር ውጺኢት ዘለዎ ኣገልግሎት ከገልግልን ኣይክእልን። ነዚ ነገር ኣብ ውሽጢ እቲ ኣማኒ ብምንባር ከከናውኖ ከም የሱስ ክርስቶስ ክኸውን ዝኽእል መንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ።

ንክርስትና ፍሉይ ዝገብሮ እዚ እዩ። ንዘይንኽእሎ ክንከውን ዝገብረናን ክንገብር ብምፍታን ኣይኰነልናን ንዝተረፈ ኣብ ተስፋ ምቁራጽ ውሽጢ ደጋጊምና ኣብ እንኣትወሉ ግዜ ካብ ምጭናቅና ኣውጺኡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብክርስቶስ ዝህልወሉ ግብረ ገባዊን መንፈሳውን ደረጃ ህይወት ክነብር ምእንቲ ክኽእል ዝገብሮ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዚ ኩሎም ኣመንቲ ዝተዓደልዎ ዕድል እዩ። ኣመንቲ ብመንፈስ ቅዱስ እንዳተመርሑ ትሕቲ ቀይዱ ብምዃን እንተ ዝነብሩ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወቶም ጎኒኑ ክግለጽ ይኽእል። ኣብ ዝሓለፈ ትምህርቲ ክትትል ንዝተምሃርካዮ ሰለስተ ዓይነት ሰባት ዘክር።

### ስእሊ ኣሎ

እቲ ቀዳማይ ዘይኣመነ ሰብ ክኸውን ከሎ እቶም ክልተ ግና ኣመንቲ እዮም። ካብቶም ዝኣመኑ እቲ ቀዳማይ ብክርስቶስ ዝተገዝኤ ወይ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ዝተቆጻጸሮ ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ግና ብኣንነቱ ዝተገዝኤ እዩ።

ዕውት ህይወት ክርስትና ምንባር መንፈሳዊ ሰብ ምኳን ን ተመሳሳልቲ ነገራት እዮም። መንፈሳዊ ሰብ ምኳን ማለት ህይወትና ትሕቲ ግዝኣት መንፈስ ቅዱስ ከየቋረጽና ምንባር ማለት እዩ። ነዚ ትምህርቲ ዘርዚርና ቅድሚ ምርኣይና ብዛዕባ መንነት መንፈስ ቅዱስ ብውሑዱ ምርዳእ የድልየና።

- ኣቀዲምካ ኣብዚ ትምህርቲ ንዝንበብካዮ ክፍልታት ሓንሳእ ደጊምካ ኣንብቦም (ዮሃ 14.15-27 ን 16.5-15)

## መንነት መንፈስ ቅዱስ

ቅድሚ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ብሕቲ መድሓኒኻ ጌርካ ምቕባልካ ንህይወትካ ንዝቆጻጸሮ ዝነበረ ኣንነትካ ኔይሩ። ንጐይታ የሱስ ካብ ዝተቀበልካሉ ግዜ ጀሚሩ ድማ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥኻ ክነብር ኣብ ህይወትካ ኣትዩ ኣሎ። መንፈስ ቅዱስ ሓጐስ ዝተመልአ ዕውት ህይወት ክትነብር የኽእለካ። ስለዚ ብዛዕባ እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዝነብር መንፈስ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ዝምህሮ ትምህርቲ ብውሕዱ እዚ እዩ፣-

- መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽ እዩ (ግብ 5.3-5)
- ንየሱስ ክርሶትስ ከም ብሕቲ መድሓኒ ገይሩ ኣብ ዝተቐበለ ሰብ ውሽጢ ይነብር (ሮሜ 8.9, 1ቈረ 3.16)
- ዓወት ንዝተመልአ ህይወት ክርስትና ክንነብር ሓይሊ ይህበና (ገላ 5.22, ሮሜ 8.26)
- መምህርና እዩ (ዮሃ 14.26)
- ኣብ ድኻምና ይሕግዘና ((ሮሜ 8.26)
- ንኻልኦት ክንምስክር ሓይሊ ይህበና (ግብ 1.8)
- ልዕሊ ኣብ ዓለም ካብ ዝርከብ ዝኾነ ዓይነት መንፈስ ኣዝዩ ዓቢን ሓይሊ ዘለዎን እዩ (1ዮሃ 4.1-4)

## መንፈሳዊ ሰብ (ብመንፈስ ቅዱስስ ዝተመልኤ ክርስትያን)

ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ከም ብሕቲ መድሓኒና ገይርና ክንቕበሎ ከሎና መንፈስ ቅዱስ ናብ ህይወትና ይመጽእ።

- ሮሜ 8.9 ኣንብብ። እዚ ጥቕሲ ኣባና ወይ ኣብ ውሽጥና መን ከም ዝነብር ይዛረብ? ______________________________
- ወገን ክርስቶስ ምኳንና ዘረጋግጸልና እንታይ እዩ? ________________________

ብመንፈስ ቅዱስ ምምላእ ማለት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ውሽጥና ብዝነብር መንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ ንህይወትና ክቆጻጸር ክምህርን ብፍቃድና ኣሕሊፍና ምሃብ ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብመንፈስ ቅዱስ ንዝተመልኤ ህይወት ከም ዝስዕብ ይገልጽ፣-

- ገላ 5.22-23 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ ዝተገልጹ ነገራት እንታይ እዮም? ____________________________________________________
- እዚኣቶም ነገራት ናይ ምንታይ ውጺኢት ወይ ፍረ እዮም? __________________________________________________________________

ንህይወትና ምሉእ ብምሉእ ክቆጻጸር ንየሱስ ክርስቶስ ምስ ፈቀድናሉ ኣብ ህይወትና ዘሐጉስ ለውጥታት ክርኣዩ እዮም። ካብኡ ካብ ውሽጢ ንእግዚኣብሄር ናይ ምሕንስ ድሌት ቃል

ኣምላኽ ናይ ምንባብ ናይ ምጽላይን ንኻልኦት ብዛዕባ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ምምስካር ከምኡውን ምስ ክርስትያናት ሕብረት ናይ ምግባር ድሌታት ይርከቡ። ንህይወትና መንፈስ ቅዱስ ምሉእ ብምሉእ ተቆጻጺርዎ ማለትን ብመንፈስ ቅዱስ ምምላእ ማለትን ተመሳሰልቲ ነገራት እዮም።

ካብዚ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልኤ ክርስትያን ህይወቱን እንታይ ከም ዝመስል የርእየና።

ስእሊ ኣሎ

እዚ ሰብ መንፈሳዊ ሰብ እዩ። ኣብ ህይወቱ ክርስቶስ ኣሎ። ኣብ ዝፋን ህይወቱ ዝተቀመጠን ዝገዝእን ወይ ከቆጻጸር ክርስቶስ እዩ። ንሱውን እዙዝ ኣገልጋሊ ክርስቶስ እዩ። ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣለዎ። ንኻልኦት ናብ ክርስቶስ የምጽእ፣ ይጽልይ፣ ፍልጠት ቃል ኣምላኽ ኣለዎ፣ ኣብ እግዚኣብሔር ድማ ይኣመን። ኣብ ህይወት እዚ ሰብ ፍረ መንፈስ ይርኣያ። ፍረ መንፈስ ንብሎ ኣብ ገላትያ 5.22-23 ዝተዘርዘረ ባህርያት እዩ። ፍቕሪ፣ ሓጐስ፣ ዕርቂ፣ ዓቕሊ፣ ለውሃት፣ ሕያውነት፣ እምነት፣ ህድኣት፣ ይኣኽለኒ ምባል ኣብ ህይወት እዚ መንፈሳዊ ክርስትያን ይርኣዩ። ይኹን እምበር ኩሎም ክርስትያናት ከምዚ ኣይኮኑን። ከምዚ ዘይኮንሉ ምኽንያት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መንፈስ ቅዱስ ዘይኮኑ ወይ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ዘይተመልኡ ስለዝኾኑ እዩ። እዚኣቶም ሰባት ዝተትረፍረፈ ህይወት ኣይለማመዱን። ቀጺሉ ብዛዕባ እዚኣቶም ሰባት ክንርኢ ኢና።

## ስጋዊ ክርስትያን

ንነፍሱ ዝፈቱ ክርስትያን ልዕሊ ኣምላኽ ንነብሱ ምሕጓስ ይመርጽ። ንነፍሱ ዝፈቱ ክርስትያን ናቱ ፍቓድ ጥራይ ንዝኽተል ህጻን ይመስል።

- 1ቈረ 3.1-3 ኣንብብ። ኣብ ውሽጢ እዚ ክፍሊ ባህርያት ስጋዊ ክርስትያን ዘርዝር። ____________________________________________

ኣብዚ ታሕቲ ዝርኤ ስእሊ ናይ ስጋዊ ወይ ከኣ ንርእሱ ዝፈቱ ህይወት ክርስትያን እንታይ ከም ዝመስል የርኢ።

ኣብ ህይወትእዚ ክርስትያን ክርስቶስ ኣሎ። ኣብ ዝፋን ህይወቱ ተቐሚጡ ዝገዝእ ዘሎ ክርስቶስ ከይኮነስ ኣንነቱ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ንህይወቱ ክገዝኦን ክቆጻጸሮን ስልጣን ኣይሃበን። ካብዚ ዝተላዕለውን ብእግዚኣብሄር ኣይኣመነን፣ ንእግዚኣብሄር ኣይእዘዝን፣ ንኻልኦት ናብ ክርስቶስ ናይ ምምጻእ ድሌት የብሉን፣ ናይ ጸሎትን ናይ ቃል ፍልጠት ድኹም እዩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ሓጢኣት ኣተሓሳስባ የጥቅዖ። እዚ ክርስትያን ንርእሱ ጥራይ ከይኮነ ንእግዚኣብሄርውን ከሓጉስ ይደሊ እዩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ግና ኣይክእልን።

- ሮሜ 7.15 ን 18ን ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ እንርእዮ ሰብ ጸገሙ እንታይ እዩ? ____________________________________________
- ሮሜ 7.24 ኣንብብ። ናይዚ ሰብ ጭንቀት እንታይ እዩ? ____________________________________________

እዚ ፈታዊ ነፍሱ ዝኾነ ክርስትያን ኩሉ ሳዕ ዝተሳዕረ ህይወት እምበር ናይ ዓወትን ሓጐስን ዝመልአ ህይወት ክነብር ኣይክእልን። ገለ ግዜውን ፈጺሙ ከም ክርስቶስ ክገብርን ክኸውንን ይስኣኖ። እዚ ስጋዊ ክርስትያን መንፈሳዊ ወይ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ዝተመልኤ ክርስትያን ክኸውን ከመይ ይኽእል?

## እንታይነት መንፈስ ቅዱስ ምምላእ

ንክርስቶስ ምእነት ከም ዝተቀበልናዮ ኩሉ ብመንፈስ ቅዱስ ንምልኣሉ መገዲውን ብእምነት እዩ። ሕጂ መንፈስ ቅዱስ ህይወትካ ክመልኦን ክቆጻጸሮን ክትፈቅደሉ ትኽእል ኢኻ።

እዚ ክኸውን ምእንታን ክትገብሮም ዝግብኣካ ሰለስተ ነገራት ኣለው፣-

1. ንሓጢኣትካ ተናዘዝ (1ዮሃ 1.9 ኣንብብ።)
2. መንነትካ ንእግዚኣብሄር ኣሕሊፍካ ሃብ (ሮሜ 6.13 ኣንብብ።) እዚ ጥቕሲ እንታይ ክንገብር ይሓተና? ________________
3. እግዚኣብሄር ብመንፈስ ቅዱስ ከም ዝመልኣካ እመን። ኣብዚ ኩነታት ውሽጢ ከተጠቃልሎ ዝግብኡኻ ክልተ ነገራት ኣለው፣ ንሳቶም ትእዛዝን ተስፋን እዮም።

   ሀ. ትእዛዝ - ኤፌ 5.18 ኣንብብ። ኣብዚ ጥቅሲ ዝተዋህበና ትእዛዝ እንታይ እዩ? ________________

   ለ. ተስፋ - 1ዮሃ 5.14-15 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ ውሽጢ ብዛዕባ ልማኖና ዝተዋህበና ሓደ ተስፋ ኣሎ እዚ ተስፋ እንታይ እዩ? ________________

ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊእና ኢና ንብል ወይ ከኣ ርግጸኛ ንኸውን ብእምነት እዩ። ጸሎት ንእምነትካ ካብ ተርእየሉ መገዲ ሓደ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ክትምላእ ኣብ ልብኻ ወሲንካ እንተ ኾንካ ነዚ ጸሎት ጸልይ።

"ዎ እግዚኣብሄር፣ ህይወተይ ክትቆጻጸሮ እደሊ ኣለኹ። ክሳዕ ሕጂ ንህይወተይ ኣነ ባዕለይ ክቆጻጸሮ ጸኒሐ እየ። ስለዚ ሕጂ ካብ ሓጢኣተይ ተመሊሰ ህይወተይ ንስኻ ክትቆጻጸሮ ኣሕሊፈ እህበካ። ሓጢኣተይ ይቕረ ስለ ዝበልካለይ የመስግነካ። ሕጂ ንቃልካ ይእዘዝ ብመንፈስ ቅዱስውን ክትመልኣኒ እልምነካ። ብመሰረት ቃል ተስፋኻ ብመንፈስካ ስለ ዝመላእካኒ የመስግነካ ኣሜን።"

ጸሎት ብኣምሮና ንዝሓዝናዮ ብቃልና ምድግጋሙ ከይኮነ ጉዳይ ልብና እዩ።

## መንፈስ ቅዱስ ከም ዝተመላእና ብኸመይ ንፈልጥ?

እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ ክመልኣካ ክትደልዮ ከሎኻ ካብ ልብኻ ድዩ? እሞ ብመንፈስ ቅዱስ ከም ዝተመላእካ ፈሊጥካ ዲኻ? ኣብ ውሽጢ ቃል ኣምላኽ ንዝተዋህበ ተስፋ ብምእማን ከም ዝተመላእካ ርግጸኛ ክትከውን ኣሎካ።

ኣብ ታሕቲ ዝተገልጸልና ስእሊ ባቡር ሓቂ ቃል ኣምላኽ፣ እምነትን ስሚዒትን ኣብ ውሽጢ ህይወት ክርስትና ከመይ ከም ዝሰርሑ ይገልጸልና።

ስእሊ ኣሎ

1. ሓቂ ወይ ከኣ ቃል ኣምላኽ ከምርሓና ሓይሊ ኣለዎ።
2. ምስ ሓቂ ወይ ከኣ ምስ ቃል ኣምላኽ ኣብ ዝርከበሉ ሓይሊ ብእምነት ተሓቢርና ኢና።
3. ንሓቂ ኣብ እንእዘዘሉ ግዜ ስሚዒትና ነቲ ትኽክል ዝኾነ መገዲ ተኸቲሎም ይጉዓዙ።
4. ንእመኖን ዝስምዓና ስሚዒት ኣይኮነን ንእግዚኣብሄር ንሓቅነት ቃሉ እዩ።

ከየቋረጽና ብመንፈስ ቅዱስ ክንምላእ ከመይ ንኽእል?

ድሕሪ መንፈስ ቅዱስ ምምላእና ትሕቲ መንፈስ ቅዱስ ምኻን ምስ ጀመርና ህይወትካ ባዕልኻ እንተ ትቆጻጸርን ብሓጢኣት እንተ ትወድቅን ኣየር ከም ትትንፍስ ንመንፈሳዊ ኣተነፋፍሳ ተለማመድ። ናብ ደገ ከተተንፍስ ከሎኻ ጽሩይ ንዘይኰነ ነገር ካብ ውሽጥኻ ተውጽእ ኢኻ፣ ናብ ውሽጢ ኣብ ተተንፍሰሉ ግዜ ድማ ጽሩይ ንዝኾነ ነገር ናብ ውሽጥኻ ተእትው። መንፈሳዊ ኣተነፋፍሳ ከምኡእዩ።

## ናብ ደገ ምትንፋስ

ጽሩይ ዘይኰነ ነገር ማለት እዩ ንሓጢኣት ብምእዛዝ ናብ ደገ ምውጻእ እዩ። ሓጢኣት ንእግዚኣብሄር ተናዘዝ (1ዮሃ 1.9)። ካብ ሓጢኣትካ ብምምላስ ንእግዚኣብሄር ተኣዘዝ።

## ናብ ውሽጢ ምትንፋስ

የሱስ ክርስቶስ ደጊም ዝፋን ህይወትካ ክወርሶ ሕተቶ (ሮሜ 6.13)። ደጊም ብመንፈስ ክመልኣካ ብእምነት ለምኖ (ኤፌ 5.18)። ኣብ ኤፌ 5.18 ን ኣብ 1ዮሃ 5.14-15 ን ዝተጠቕሱ ትእዛዛት ተስፋን ዘክር።

መንፈስ ቅዱስ ሓጢኣት ምግባርካ ኣብ ዝገለጽካሉ ግዜ ኲሉ ናብ ደገ ተተንፍሶማለት ተናዘዝ። ኣብ ሕጉስ ህይወት ይህልወካ። በዚ መገዲ መንፈስ ቅዱስ ብዘይ ምቁራጽ ምእንቲ ክመልኣካ ፍቐደሉ።

ነዚ ክትገብር ከሎኻ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ዝፋን ልብኻ ይነብር።

## መጠቃለሊ

ኣብ እግዚኣብሄር ኣብ ቃሉን ውሽጥን ብዝኣተዎ ተስፋታት ተኣመን። ክርስትያን ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ህይወት ከነብር ዝኽእል ብእምነት ጥራይ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ንህይወትካ ክመርሖ ክቆጻጸሮን ከሎ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ኣብ ህይወትካ ይፍጸሙ፣-

1. ኣብ ህይወትካ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ብዝበለጸ እንዳተርኣየ ይኸይድ (ገላ 5.22-23)
2. ጸሎትካ ውጺኢት ዘለዎ ይኸውን (ያእ 5.16)
3. ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎካ ርዲኢት ይውስኽ (2ጢሞ 3.16)
4. ኣብ ትምስክረሉ ግዜ ሓይሊ ኣምላኽ ትረክብ (ግብ 1.8)
5. ንሓጢኣትን ፈተናን ክትስዕር ሓይሊ ኣምላኽ ትረክብ (1ቈረ 10.13)

# 4ይ ክትትል

## ብየሱስ ክርስቶስ ምዕባይ

### መእተዊ

ንየሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኻን ጐይታኻ ጌርካ ናይ ምቕባል ውሳኔ ኣብ ህይወትካ ቀንድን ብጣኦሚ ኣድላይን ውሳኔ እዩ። ንየሱስ ክርስቶስ ብእምነት ናይ ምቕባል ተግባር ብሓድሽ ህይወት ይጅምር። ልክዕ ከምቲ ኣካላዊ ህይወትና ወይ ስጋና ንምንባርን ንምዕባይን ኣየር፣ ምግቢ ዕረፍቲ ምንቃቓስ ኣካላት ዘድልየና ንምዕባይ መንፈሳዊ ህይወትና ድማ ኣድለይቲ ነገራት ኣለው ኣብዚ ናይ ተኸታታሊ ትምህርቲ ብዛዕባ ቀንዲ ኣድላይነት ነገራት ክንምሃር ኢና።

### ብክርስቶስ ምዕባይ ምጅማር

ሓደ ሰብ ክርስትያን ክኸውን ከሎ ወይ ንየሱስ ክርስቶስ ክቕበል ከሎ ዳግም ተወሊዱ ይብሃል።

- 1ጴጥ 1.23 እዚ ጥቅሲ እዚ ብህያውን ንዘልኣለም ብዝነብርን ቃል ኣምላኽ እንታይ ከም ዝኾነና እዩ ዝሕብር? ______________________________

  ______________________________
- ዮሃ 1.16-17 ኣንብብ። እዚ ጥቅሲ እዚ ብየሱስ ክርስቶስ ጸጋን ሓቕን እንታይ ከም ዝኾንና እዩ ዝነግረና? ______________________________

  ______________________________

ንክርስቶስ ምስ ተቀበልና ብኡ ንብኡ ካብ እግዚኣብሄር ተወሊድና ወይ ድማ ናቱ ውሉድ ንኸውን።

- 1ዮሃ 1.12 ኣንብብ። ውሉድ እግዚኣብሄር ዝገበረና እንታይ ስለ ዝኾንና እዩ? ______

  ______________________________
- ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ቤተሰብ ውሽጢ ተወሊድካ ኢኻ እሞ ዘንጀርብብ ናትይ ክርስትና ህይወትን ዘድልዩኻ ካልኦት ነገራትን ክትቅበል ኢኻ። ዕቤት ናይ መንፈሳዊ ህይወት ድማ ካብ ክርስቶስ የሱስ ብምእማን እዩ ዝፍልፍል። ኣብ ገላ 3.11 "ጻድቕ ብእምነት ይነብር" ዝብል ጽሑፍውን ነዚ የመልክት። ብእምነት ምንባር ኣብ ህይወትካ ንዘጋጥሙ ናኣሽቱ ይኹኑ ዓበይቲ ነገራት ብእግዚኣብሄር ተኣሚንካ ንኽትነብር ይገብረካ።

ዕብየት መንፈሳዊ ህይወት ኣብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ መሰረታውያን ውሳኔታት ዝተመስረተ እዩ። ንሳቶም ድማ ጸሎት፣ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስን ምእዛዝን እዩ።

### ጸሎት

ጸሎት ማለት ምስ እግዚኣብሄር ምዝራብ ንሱ ዝብሎ ጽን ምባልን ማለት እዩ ሓደ ካብ ክርስትና ህይወት ዝርኣዩ ምኽንያት ውድቀታት ዘይምጽላይ ወይ ድማ ናይ ጸሎት ህይወት ምስእንን እዩ።

- ፊሊ 4.6 ኣንብብ። እዚ ጥቕሲ እንታይ ክንገብር ከም ዘሎና ይነግረና? ____________

  ______________________________

- ስለምንታይ እዩ ክንጽሊ ዘሎና? ብዛዕባ ምንታይ እዩኸ ክንጽሊ ዘሎና? ____________________________________________

- ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ክንጽሊ ከሎና እንታይ ከም እንለማመድ እዩ እግዚኣብሄር ተስፋ ዝኣተወልና? ____________________________________________

እዚ ስእሊ ከም ዘርእየና ጸሎት ንሕና ንእግዚኣብሄር እንዛረበሉ መገዲ ምኳኑ እዩ። ንሱ ድማ ንዓና ብመጽሓፍ ቅዱስ ይዛረበና።

መግቢ ንኣካላዊ ህይወትና ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ። ብዘይ መግቢ ዝኾነ ሰብ ኣካላቱ ይደክም ብቀሊሉ ድማ ብሕማም ይጥቃዕ። ኣብ መንፈሳዊ ነገር እውን እዚ ሓቂ እዚ ልክዕ እዩ መንፈሳዊ መግቢ ዘይምገብ ክርስትያን ድኹምን ብቀሊሉ ዝጥቃዕን ይኸውን ናትና መንፈሳዊ መግብና ድማ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ።

ኣብዚ ስእሊ እግዚኣብሄር ከም እንርእዮ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ እነጽንዓሉ እዋን እግዚኣብሄር ንዓና ይዛረበና። ክንጽሊ ከሎና ድማ ከምቲ ኣቐዲምና ዝርኣናዮ ንኣና እግዚኣብሄር ይዛረበና። ክልቲኡ ነገራት ማለት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስን ጸሎትን ከየቋረጽና ክንለማመድ ይግብኣና። ኣብ ዕለታዊ ናብራና መዓልታዊ ቃል እግዚኣብሄር ከነንብብ የድልየና።

- እግዚኣብሄር ንሰብ ብኸመይ ይዛረቦ? ____________________________________________

- 2ጢሞ 3.16-17 ኣንብብ። ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ንሓደ ክርስትያን ብምንታይ ብምንታይ መገዲ ይጠቅሞ? ____________________________________________

- ሮሜ 10.17 ኣንብብ። ኣቐድም ኣቢልና ጻድቕ ብእምነቱ ይነብር ሪኢና ነይርና። ኣብዛ ጥቅሲ እዚኣኸ እምነት ካብ ምንታይ ከም ዝርከብ ይዛረብ? ____________________________________________

- ግብ 17.11 ኣንብብ። ኣብዚ ጥቅሲ ዝተጠቅሱ ሰባት መዓስ መዓስ እዮም ቃሉ ዝምርምሩ ወይ ዘጽንዑ ዝነበሩ? ____________________________________________

- ንሕናኸ ንቃሉ መዓስ ከነጽንዮ ይግብኣና? ____________________________________________

## ምእዛዝ

ኣብ ክርስትና ህይወት ከየቋረጽና ንምዕባይ እቲ ቀንዲ መፍትሒ ንፍቓድ እግዚኣብሄር ምእዛዝ እዩ። ምጽላይን ምጽናዕ መጽሓፍ ቅዱስን ጥራይ በይኑ እኹል ኣይኰነን ዝፈለጥናዮ ክንገብሮን ኣብ ህይወትና ክንገልጾን ይግብኣና። ነቲ ዝፈለጥናዮን ሓቂ ድማ ክንእዘዞን ኣብ ህይወትና ግሁድ ክንገብሮን ይግብኣና።

- ያእ 1.22 ኣንብብ። ብመሰረት እዚ ጥቅሲ መጽሓፍ ቅዱስ ጥራይ እኹል ድዩ? ____________________________________________

- መጽሓፍ ቅዱስ ድሕሪ ምንባብና እንታይ ክንገብር ይግብኣና? ____________________________________________

- ዮሃ 14.15ን21 ኣንብብ። ንየሱስ ክርስቶስ ምፍቃርና ንገልጸሉ ወይ ነረጋግጸሉ እንታይ ብምግባር እዩ? ____________________________________________

## መደምደምታ

- ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ካብ ዝረኸብካዮ ትምህርቲ ዝተላዕለ እግዚኣብሄር መዓልታዊ ክትገብሮ ዝደልየካ ነገራት እንታይ እዮም? ________________________________________________________________________
- እዚ ውሳነ ብግልኻ ጸሊኻ ወስን። ጸሎት ምጽላይ ቃሉ ንመንፈሳዊ ኣብየተይ ኣገደስቲ ነገራት ስለ ዝኾኑ መዓልታዊ ካብ ሰዓት __________ ክሳብ ኣብ ዘሎ ግዜይ ክጽልን መጽሓፍ ቅዱስ ኬጽንዕን ወሲነ ኣለኹ። ________________________________________________________________________
- ዮሃ 15.10 ኣንብብ። ውጺኢት ምሕላው ሕግታትን ትእዛዛትን እንታይ እዩ? ________________________________________________
- ፊል 2.13 ኣንብብ። ንፍቓድ እግዚኣብሄር ንምእዛዝ ሓይሊ ካበይ ንረክብ? ________________________________________________________

# 5ይ ክትትል

# ብቃል ኣምላኽ ምዕባይ

## መእተዊ

መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኣምላኽ ንሰብ ዝተመሓላለፈ ቃል እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጻሕፈ ኩሉ ንጥቅምና እዩ።

- ሮሜ 14.4 ኣንብብ። ኣቐዲሙ ዝተጻሕፈ ኩሉ ንምንታይ ከም ዝኾነ ይዛረብ ______ ______________________________

እግዚኣብሄር ኣብ ቃሉ ማለት ብመጽሓፍ ቅዱስ ንኣና ክብለና ወይ ከኣ ክዛረበና ዝደልዮ ነገር ኣሎ። ህይወት ክርስትና ብዝበለጸ ኣገራምን ዘደንቕን እንዳኾነ ዝኸይድን ሓደ ክርስትያን ንቃል ኣምላኽ ብዝፈለጠ መጠን ባህርያት ኣምላኽ ብዝተረድኦን ንእኡ ዘለዎ ውጥን ብዝተረድኦ መጠን እዩ። ኣብዚ ክትትል ትምህርቲ ብዛዕባ እዚ ቃል ኣምላኽ እንታይነት ከመይ ከምነጽንዮን ክንምሃር ኢና።

## ቃል ኣምላኽ

እግዚኣብሄር ምስ ዝፈጠሮ ሰብ ኣብ ኩሉ ዘመናት ሕብረት ክገብር ድሌት ከም ዘለዎ ካብ ታሪኽን ቃሉን ንርዳእ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ናብ ምድሪ ቅድሚ ምምጽኡ እግዚኣብሄር ንእኡ ብዘወፈዮ ብዝተመርጹን ንቃሉ ካብ (ኣምላኽ) ተቐቢሎም ኣብ ዝመዝገብዎ ሰባት ብሉይ ኪዳን ኣቢሉ ምስ ወዲ ሰብ ርክብ ብምፍጣር ተዛሪቡ። ክሽውን ዝኽእል ንሱ ንኣኻ ከካፍለካ ንዝደለዮ ቁም ነገር ምስ እትሰምዕ ምስ እንርዳእን (ትግንዘብን) እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ንቃል ኣምላኽ ከመይ ምጽናዕ ከም እትኽእል ክረድኡኻ እዮም።

1. **ጥዑይን ትኽክለኛ ኣረኣእያ**

   ብመጀመርታ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎና ኣረኣእያ ጥዑይን ትኽክለኛ ክሽውን ይግብኦ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ላዕሊ ከም ዝርኣናዮ እግዚኣብሄር ንዓና ሓሳቡ ዘመሓላልፈሉ መጽሓፍ እንተ ኾይኑ ንመጽሓፍ ቅዱስ ምንባብ ማለት ንዝኾነ ዓይነት መጽሓፍ ንምባብ ማለት ከምዘይኮነ ኣቐዲምካ ክትርዳእ ይግብኣካ። ንቃሉ ኣብ ተንብበሉ ግዜ እግዚኣብሄር ንኣኻ ብውልቂ ከመሓላልፈልካ ዝደልዮ መልእኽቲ ኣሎ። ስለዚ "ዎ እግዚኣብሄር እዚ ንኣይ ዝለኣኽካዮ ናይ ፍቅሪ መምርሒ ዝሓዘ ደብዳቢ እስለ ዝኾነ ንምኽርኻን ትእዛዝካን ክርዳእን ክእዘዝን ርድኣኒ" ብዝብል መንፈስ ኣንብቦ።

2. **ምድላው**

   ንመጽሓፍ ቅዱስ ከተንብብ ወይ ከኣ ከተጽንዕ ብቑዕ ዝኾነ ናይ ቦታን ናይ ግዜን ናይ ኩነታትን ናይ ኣእምሮን ምድላው የድልየካ። ብጀካ መጽሓፍ ቅዱስ ካልእ ጥራዝን ፒሮን የድልየካ። ንመጽሓፍ ቅዱስ ከተጽንዕ ከሎኻ መዘከሪ ነጥብታት ምጽሓፍ ብዝበለጸ ንመልእኽትኻ ክትዝክር ይረድኣካ።

   ጸጥ ዝበሎ ቦታን ግዜን ሓሳብካ ከይብተን ይረድኣካ። ከተጽንዮ ዝሓሰብካ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ክፍሊ

   - እብ 1.1 ኣንብብ። እዚ ጥቕሲ እግዚኣብሄር ንኣቦታት (ንሰብ ዘመን ብሉይ ኪዳን) ከመይ ከም ዝዛረቦም ይገልጽ? ______________________________ ______________________________

ድሕሪኡ እግዚኣብሄር ባዕሉ ሰብ ብምዃን ንቃሉ ንወዲ ሰብ ኣመሓላለፈ።

- ሕጂ ድማ እብ 1.2 ኣንብብ። እዚ ጥቕሲ በዚ መወዳእታ ዘመን እግዚኣብሄር ብመን ኣቢሉ ከም ዝተዛረበ ይገልጽ? ________________________________________ ____________________
- ዮሃ 1.1 ን14 ን ኣንብብ። ኣብዚ ጥቕስታት "ቃል" ዝተባህለ መን እዩ? __________ ____________________________________________

እቲ ብስጋ ዝተገልጸ የሱስ ኣብ ምድሪ ምስ ተመላለሰ ድሕሪ ምምሃሩ ምማቱን ምትንስኡን እግዚኣብሄር ዝተመርጹን ዝተወፈዩን ሰባት ብምፍላይ ንቃሉ ንህይወት ክርስቶስን ኣገልግሎቱን ምእንቲ ክምዝግቡ ንታሪኹ ክሰንዱን ምርሒት ሃቦም። ናይዚኣቶም ሰባት ኩሉ ምእዛዞምን እሙንነቶምን ውጺኢት ሕጂ ኣብ ኢድና ንዝርከብ መጽሓፍ ቅዱስ ንናትና ሕብረትን ኣምላኽን ምስ እንደሊ ምላኽና ዝተዋህበና ናይ መምርሒ መጽሓፍ እዩ።

## ንእግዚኣብሄር ምስማዕን ምምሃርን

መጽሓፍ ቅዱስ ዝኾነ ሰብ ከንብቦ ዝግባእ ኣዝዩ ኣድላዪ መጽሓፍ እዩ። ብዙሓት ሰባት እግዚኣብሄር ብቃሉ ኣቢሉ ንዝዛረቦ ከመይ ምስማዕ ከም ዝኽእሉ ኣይፈልጡን። ምስ ጐይታ ዘሎካ ዝምድናን ሕብረትን ትርጉም ዘለዎ ኣቀዲምካ ብምምራጽ ተዳሊኻ ኣጽንዕ።

3. ናይ ኣጸናንዓና ሜላ

   ኣብ ታሕቲ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ውጺኢት ንዘለዎ መጽናዕቲ ስለ ዝሀግዙኻ ኣስተውዕልካ ኣተግብሮም።

   ሀ. ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓደ መጽሓፍ መሪጽካ ምጅማር ካብዝን ካብትን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ካብ ምንባብ ዝሓሸ እዩ። ከተጽንዖ ንዝሓሰብካዮ ክፍሊ ንዝሓዞ ምዕራፍ ደጋጊምካ ኣንብቦ።

   ለ. ካብኡ ብምቕጻል ኣብቲ ምዕራፍ ውሽጢ ከተጽንዖ ንዝሓሰብካዮ ደጋጊምካ ኣንብቦ። ደጋጊምካ ተንብቦ እቲ መልእኽቲ ኣነጺሩ ንኽርድኣካ እዩ። ነቲ ዝተረድኣካዮ መልእኽትታት ብናትካ ኣገላልጻ ኣብ ጥራዝ ጽሓፎ።

   ሐ. ነቲ ዘንበብካዮ ክፍሊ ኣጸቢቑ ምእንቲ ክርድኣካ ቅድሚኡን ድሕሪኡን ንዝርከቡ ጥቅስታት ኣንብቦ።

   መ. ከም ኣድላይነት ነቲ ዝመረጽካዮ ክፍሊ ኣብ ጥራዝካ ከም ዘለዎ ምጽሓፍ ሓጋዚ ይኸውን። እዚ ብዝበለጸ ክትዝክሮ ይረድኣካ።

   ሰ. ዘይተረድኣካ ነገር እንተሎ ንሕቶኻ ኣብ ጥራዝካ ብመስርዕ ኣቀምጦም። ኣብ ግዜ መጽናዕትኻ ንሕቶታትካ መልሲ ትረክብ ትኸውን። ንሕቶታትካ ምጽሓፍ መልሲ ክሳዕ ትረክበሎም ብዝበለጸ ክትምርምርን ከተንብብ ይገብረካ።

   ረ. ሓደኳ ሕቶ ኣብ ኣእምሮኻ ክሳዕ ዘይህልው ነቲ ዝመረጽችካዮ ክፍሊ ደጋጊምካ ኣንብቦ። ድሕሪኡውን ነቶም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምሕታት ኣብ ጥራዝካ ጽሓፎ።

   - እቲ ክፍሊ ከመሓላልፎ ዝደለየ ቀንዲ መል፣እኽቲ እንታይ እዩ?
   - መኸፈቲ ወይ ውን እቲ ቀንዲ ጥቅሲ ኣየናይ እዩ?
   - ብዛዕባ እግዚኣብሄር ወይ ከኣ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ እንታይ ይምህረኒ?
   - ነቲ ክፍሊ ዝጽሓፎ መን እዩ? ንመን ጺሒፍዎ? ብዛዕባ መንከ ይዛረብ?
   - መኣስን ኣበይን እዩ ተጻሒፉ?

- ነዚ ምስ ህይወተይ ብኸመይ ከዛምዶ ይኽእል? ብፍላይ ኣብዚ ናይ ምዝማድ ሕቶ ነዞም ዝስዕቡ ተወሳኺ ሕቶ ምሕታት ኣድላዪ ድዩ?
  - ክእዘዞ ዝግብኣና ትእዛዝ ኣሎዶ?
  - ክሕዞ ዝግብኣኒ ተስፋ ኣሎዶ?
  - ክናዘዘሉ ዝግብኣና ሓጢኣት ኣሎዶ?
  - ክኸተሎ ዝግብኣኒ ኣብነት ኣሎዶ?
  - ክቅይሮ ዝግብኣኒ ልምዲ ኣሎዶ?

ግልጹን ክፉትን ብዝኾነ መገዲ ኣብ ህይወትካ ክትልውጦምን ክትገድፎምን ዝግብኣካ ነገራት ኣብ ጥራዝካ ኣቀምጥ።

- ንዝቅጽል ሰሙን ሉቃ 19.1-10 ንዘሎ ክፍሊ ኣጽንዕ። ኣብ ጥራዝካውን ነዞም ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቅሱ ናይ ኣጸናንዓ ሜልላትታትን ደረጃታትን ብመስርዕ ተጠቀመሎም። ንመልስኻውን ጽሓፎ።

## 6ይ ክትትል

## ብጸሎት ምዕባይ

### መእተዊ

ጸሎት ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ እዩ። ዝኾነ ክርስትያን ብቀጥታ ማ እግዚኣብሄር ክዘራረብ መሰል ተዋሂብዎ እዩ። ዕውት ክርስትያናዊ ህይወት እንተ ደሊና ድማ ጸሎት ማለት ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ክንምሃር ይግብኣና። እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበና ናይ እግዚኣብሄር በረኸት ብጸሎት ንረኽቦ ኣብ ናይ ሎሚ ትምህርቲ እምብኣር ናይ እንታይነት ጸሎትን ጸሎት ክሓቅፎ ዝግብኦ ነገራትን ክንምሃር ኢና።

### ኣድላይነት ጸሎት

ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ዝግበር ርክብ ፍረ ዘለዎ ንኽከውን ናይ ክልቲኦም ወገን የድልዩ ብተመሳሳሊ ድማ ዘሎና ርክብ ፍረ ዘለዎ ክኸውን ናይ ክልቲኦም ወገን ምስታፍ የድልዮ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ሰለው ሰባት ታሪኽ ምስ እግዚኣብሄር ናይዚ ርክብ ኣድላይነት ኣጸቢቅና ንዕዘብ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ናይ ጸሎት ሰባት ኰይኖም ንእግዚኣብሄር እናስምዑን እናተኣዘዙን ኣብ ዝነበርሉ እዋን ህይወቶም ዜደንቕን ብዓወት እተመልኤን ኰይኑ ንርእዮ። ብኣንጻሩ ድማ ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ምስምማዕን ምእዛዝን ምስ ዘቋረጹ መንፈሳዊ ህይወቶም ይበላሾ ኣብዚ ግዜ እዚውን ኣብ ህይወትና ዝፍጸም ሓቂ እዚ እዩ። ዘንጀርብብን ፍረ ዘለዎ ህይወት ክንነብር እንተድኣ ደሊና ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ክንምሃር ይግብኣና።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝርኣናዮ "ምጽላይ" ማለት ብቀሊሉ ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ወይ ምዝታይ ማለት እዩ። ኣብ ህይወት ጐይታና መድሓኒና እየሱስ ክርስቶስ ጸሎት ዓቢ ቦታ እተዋህቦ ጉዳይ እዩ ነይሩ፣ ኣብዚ እዋን ናይ ምድሪ ኣገልግሎት ድማ ፍቓድ ኣቦ ምፍላጥ ቀንዲ ኣገዳሲ መገር እዩ ኔይሩ። ንክርስቶስ ጸሎት ማለት ምስ እግዚኣብሄር ኣቦ ቀጥታዊ ህያው ዝኾነ ዝርርብ ምክያድ ማለት እዩ።

### እንታይነት ጸሎት

ጸሎት ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ወይ ድማ ምዝታይ ከም ዝኾነ ኣቀዲምና ክንርኢ ኪኢልና ኢና። ኣብ ጸሎት ክነእትዎ ዝግብኣና ነገራት ኣለዉ። እዞም ነገራት እዚኣቶም ድማ ወዳሲ ምስጋና ንስሓ ልመና ምምላድን እዮም። ነዚኣቶም ዘርዚርና ክንርእዮም ኢና።

#### ሀ. ውዳሴ ወይ ክኣ ኣምልኾ

ንእግዚኣብሄር ምውዳስ ምምላኽ ማለት ብዛዕባ መንነቱን ባህርያቱን እንዳሓሰብካ ኣብ ቅድሚኡ ምቅዋም እዩ፣ ውሉድ ስለ ዝኾንና ንፍቕሩ ሓይሉ ምሕረቱ ትዕግስቱ ወዘተ ክንሓስብን ክንውድሶን ይግብኣና።

-መዝ 95.6 ኣንብብ። እዚ ጥቕሲ እዚ እንታይ ክንገብር እዩ ዝነግረና?____________

______________________________________________________________

-መዝ 135.3 ኣንብብ። ብመሰረት እዚ ጥቅሲ እዚ ንእግዚኣብሄር ንምንታይ ንውድሶ?

___________________________________

-1ዜና 29.11-12 ኣንብብ። እግዚኣብሄር እዚ ብዛዕባ ባህርያት እግዚኣብሄር እንታይ ይነግረና? ________________________________

ንእግዚኣብሄር ክትውድሶን ከተምልኾን ሓደት ደቃይቅ ውሰድ በዚ ናይ ኣምልኾ ጸሎትካ ድማ ንእግዚኣብሄር ክንድምንታይ ከም እተድንቖ ግለጸሉ ኣብ 1ዜና 29.11-12 ዝተጠቐሰ ቃል እንዳሓሰብካ ንዘሎካ ኣተሓሳስባ ንገሮ።

ለ. ምስጋና

"ምስጋና" ማለት እግዚኣብሄር ስለቲ ዝገበረልና ሰናይ ነገራትን ካብቲ ኣብ ልዕሌና ክበጽሕ ዝኽእል ብዙሕ ክፉእን ስለ ዝኸወለና ነገራት እናሓሰብና ዘሎና ውሬታ ንገልጸሉ መገዲ እዩ።

- መዝ 106.1 ኣንብብ። ብመሰረት እዚ ጥቅሲ እዚ እንታይ ክትገብር ኣሎካ? ________________________________

- 1ተሰ 5.18 ኣንብብ። ንምንታይ ኢና ንእግዚኣብሄር ነመስግኖ? ________________________________

- ሮሜ 8.28 ኣንብብ። ንምንታይ ኢና ንእግዚኣብሄር ስለ ኹሉ ነገራት ነመስግኖ? ________________________________

- ንእግዚኣብሄር ከተመስግኖ ዝግብኣካ ነገራት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ባዶ ቦታ ጽሓፎ እሞ ንምምስጋን ግዜ ውሰድ፣ ________________________________

ሐ. ንስሓ

"ንስሓ" ማለት ዝኾነ እግዚኣብሄር ደስ ዘይብሎ ምስ እንሓስብ ወይ ምስ እንዛረብ ወይውን ምስ እንገብር ሓጢኣትና ተኣሚንና ኣብ ቅድሚኡ ቀሪብና ምንዛዝን ካብኡ ምሕረት ምቕባልን ማለት እዩ።

- መዝ 66.18 ኣንብብ። ዘይተናዘዝናዮ ሓጢኣት ኣብ ልብና እንተሎ እንታይ ንኸውን? ________________________________

- 1ዮሃ 1.9 ኣንብብ። ሓጢኣትና ኣብ ዝተናዘዝናሉ ግዜ እንታይ ይፍጸም? ________________________________

ኣቀዲምና ካብ ዝተምሃርናዮ ትምህርትታ ከም ዝርኤናዮ ንስሓ ሰለስተ ነገራት ይሕዝ ንሳቶም ድማ፣-

1. እግዚኣብሄር ሓጢኣት ከም ዝኾነ ንዝነግረና ነገራት "እወ ልክዕ እዩ" ኢልና ምስምማዕ።
2. ክርስቶስ ናይ ሓጢኣት ዕዳና ኣብ መስቀል ከፊሉ ምሕረት ስለ ዝገበረልና ንእጊኣብሄር ምምስጋን።
3. ካብ ተግባርናን ካብ ግጉይ መገድናን ምምላስ።

ሕጂ ድማ ሒደት ግዜ ውሰድ እሞ እግዚኣብሄር ኣባኻ ደስ ዘይብለሉ ነገር ክርእየካ ሕተቶ። ነዚኣቶም ድማ ብግልኻ ኣብ ወረቐት ጽሓፎም ብድሕሪኡ ንነፍሲ ወከፍ ሓጢኣትካ ተናዘዝ። ኸዑ ኣብ 1ዮሃ 1.9 ንዝተጻሕፈ ተስፋ ሕሰብ። በዚ ቃል መሰረት ድማ ይቕረታ ለምን ኣብ መወዳእታ ምሕረት ከም ዝረኸብካ እመን እሞ ነቲ ዝርዝር ዝሓዘ ወረቀት ቀዲድካ ደርብዮ።

- መዝ 32.1-2 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ ብጹእ መን እዩ? ________________________________

**መ. ልማኖ**

“ልማኖ” ማለት ንዘድልየካ ነገራት ኩሉ ብጸሎት ንእግዚኣብሄር ምንጋር ንዕኡ ምሕታት ማለት እዩ።

- ማቴ 7.7 ኣንብብ። ብመሰረት እዚ ጥቕሲ እዚ እንታይ ክንገብር ከም ዘሎና እዩ ተነጊሩና? ______________________________
- ምስ ለመንናኺ እንታይ ይኸውን? ______________________________
- ያእ 4.2 ኣንብብ። ንልማኖ ኩሉ ይምልሰልና እዩ ማለት ኣይኰነን ብመሰረት እዚ ጥቕሲ እዚ ሕቶታት ዘይምለስሉ ምኽንያት እንታይ እንታይ ንረክብ? ______________________________

ክትጽሊ ከሎኻ ብዛዕባ ግልጺ ዝኾኑ ጉዳያት ክትጽሊ ተለማመድ። ሕጂ ሒደት ደቃይቕ ውሰድ እሞ ናይ ልማኖ ኣርእስትታት ጽሓፍ። ብጐኒ እዞም ሕቶታት ድማ ቦዶ መስመር ግበር እሞ ልማኖኻ ዝተመለሰልካ ዕለት ጽሓፈሎም። ናይ ጸሎት ደብተር በዚ መልክዕ እዚ ኣዳሉ።

| ናይ ልማኖ ሕቶታት | ዝተመለሰሉ መዓልቲ (ዕለት) |
|---|---|
| 1. ______________ | ______________ |
| 2. ______________ | ______________ |
| 3. ______________ | ______________ |
| 4. ______________ | ______________ |
| 5. ______________ | ______________ |

**ረ. ምምላድ**

“ምምላድ” ማለት ስለ ካልኦት ምጽላይ ማለት እዩ። እዚ ድማ ብዛዕባ ንኻልኦት ሰባት ዘድልዮም ነገራት ንሕና ባዕልና ኣብ ናትና ናይ ጸሎት ግዜ ኣስማቶም እናጸዋዕና ዘድልዮም ነገራት እናጠቀስና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኰይንና ምልማን ማለት እዩ።

- ያቆ 5.16 ኣንብብ። ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ንሓድሕድኩም እንታይ ግበሩ ይብለና? ______________________________
- ኤፌ 6.20 ኣንብብ። ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ብዛዕባ እንታይ ክገብሩ ሓቲቱ? ______________________________
- ፊሊ 3.5 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ እዚ ድማ ጳውሎስ ስለ ካልኦት እንታይ ክገብር ንሪኢ? ______________________________
- 1ጢሞ 2.1-2 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ ምምላድ ንመን ንመን ክግበር ከም ዘለዎ ይዛረብ? ______________________________ ከየባተኽካ ጸልይ
- 1ተሰ 5.17 ኣንብብ። ኣብዚ ክፍሊ መዓስ መዓስ ክንጽሊ ከም ዝግብኣና ይዛረብ? ______________________________

“ከየባተኽኹም ጸልዩ” ማለት ምሉእ መዓልቲ ካብ ንግሆ ክሳብ እታ እትመጽእ ንግሆ ተመርኪኻና ዊዒልና ክንሓድር ኣለና ማለት ዘይኰነስ ናይ ጸሎት ህይወት ይሃልወና ማለቱ እዩ። ጸሎት ካብ ናይ መዘከርታ ጥራዝካ እንዳመዝገብካ መዓልታዊ ከየቋረጽካ(ከየባተኽካ) ክትጽሊ ኣሎካ ጸሎት ዝሕጐስ ይኸውን። ቀዋሚ ዝኾነ ናይ ጸሎት ኣጀንዳ(መመዝገቢ)

ክህልወካ ብጣዕሚ ጽቡቕ እዩ። ናይ ጸሎት መመዝገቢ እግዚኣብሄር ንልማኖኻ ብምንታይ ዓይነት መገዲ ከም ዝምልሰልካ ኣብ ህይወትካ ዝገብረልካ ሪኢኻ ብጣዕሚ ከም እትድነቕ ይገብረካ።

ናይ ዳዊት መዝሙር ምንባብ ብዛዕባ ጸሎት ብዙሕ ይምህር እዩ እሞ ብዝተኽኣለካ መጠን መዝሙር ዳዊት ኣንብብ።

ናይ ተኸታታሊ ትምህርቲ ኣብዚ ይፍጸም።